# ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ

## ሳልሳይ ክፋል

ኣመሪካ ናጽነት ኤርትራ ፈጺሙ ኣይተዋሕጠሎምን፣ መጨረሻ ወርሒ ግንቦት 1991 ኣብ ሎንደን ዝነበረ ኣኼባ ጅሚ ካርተር ከይሓፈረ ተጠሊዑ ናጽነት ኤርትራ ኢድላይነት የብሉን ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክኸውን ኣሎዎ ክብል መደረኡ ደምዲሙ፣ ፕረሲዴንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንስኻ ዝበልካዮ ዘይኮነስ ናጽነት ኤርትራ ብረፈረንዱም ህዝቢ ኤርትራ እዩ ዝረጋገጽ ኢሉ መሊሱሉ።

ኣብ 1993 ድማ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ነታ ደሙ ኣፍሲሱ ዓጽሙ ከስኪሱ ዘምጽኣ ናጽነት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ደገን ዝነብር ህዝብና ብ99,8 እወ ንናጽነት ኢድሚጽና ምሉእ ናጽነትና ኣብ ዓለም ኣመስኪርና።

ኩሉ ኤርትራዊ ካብ መዓልቲ ናጽነት ኣትሒዙ ነታ ትሕቲ ዜሮ ዝተረክባ ሃገር ኣብ ምህናጻ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። በዚ መሰረት ድማ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ 1997 7% ዓብዩ። ጐኒ ጐኒ ህንጸት ሃገር ወታደራዊ መዳይ ክዓቢ ናይ ግድን ስለዝኾነ ኣብ 1994 ሃገራዊ ኣገልግሎት ተጀሚሩ። ምጅማር መዓስከር ሳዋ ንኸሎም ጸላእትና ኣሰንቢድዎም እዩ። ኣብ 1995 ኣልቃዒዳ ምስ መንግስቲ ሱዳን ተመሳጢሮም ንመዓስከር ሳዋ ንምድምሳስ ዘይሃንደስዎ ነገር ኣይነበረን። ሰራዊት ኤርትራ ግን ካብ መሬት ኤርትራ ደምሲሱ ዳግም ንኤርትራ ገጾም ከምዘይጥምቱን ብግብሪ ኣርእይዎም።

ኣብ 1991 ድሕሪ 30 ዓመታት ዝወሰደ መሪር ሓርነታዊ ቃልሲ ብናጽነት ምስ ተደምደመ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ጸልማት ግዜ ወጺኦም ዅናትን ወረዅናትን ኣብቂዑ ሰብን ሃገርን ኣብ ምህናጽ ዝነበረ ቁስሊ ኣብ ምሕዋይ ሓድሽ ምዕራፍ ጀሚረን። ኣብ'ቲ ነዊሕ ዅናት ተኻታቲልቲ መራሕቲ ኢትዮጵያ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸምዎ ጃምላዊ ህልቂትን ግፍዕን ገበንን በደልን ቀሊል ኣይነበረን። ብወግዒ እቕረታ ክሕተተሉን ካሕሳን ክኽፈለሉኳ ዝግባእ እንተ ነበረ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን ዝሓለፈ ምዕራፍ ንታሪኽ ገዲፎም ንዝሓለፎም ምዕባለን ተክኖልጂን ሃገርን ሰብን ምህናጽ ከርክቡን ንቕድሚት ክጥምቱ እዮም መሪጾም። መጻኢ ራብሓታት ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ከም ዝዓቢ ኣብ ግምት ብምእታው ሰላማዊ ምሕዝነትን ጕርብትናን ብሂጎም።

ኣብ'ቲ ሓጺር እዋን ዝሰፈነ ሰላም ድማ ኢትዮጵያ ተጠቃሚት ወደባት ኤርትራ ክትከውን በቒዓ፣ ክልቲኦን ሃገራት ናይ ሓባራዊ ሚኒስተራት ኮምሽን ብምቛም ኣብ ጸጥታ፣ ፖለቲካ ወታደራዊ ንግዳዊን ቁጠባን ካልእ ዓውድታትን ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ብምፍጣር ንክልቲኡ ህዝብታት ዘርብሕ ባይታ መስሪተን ነይረን። ዜጋታት ክልቴን ሃገራት ብዘይ ፓስፖርት ብመንነት ወረቐት ጥራሕ ካብን ናብን ኢትዮጵያን ኤርትራን እንዳ ተመላለሱ ናይ'ቲ ዝተፈጥረ ሰላም ተጠቀምቲ ኮይኖም።

ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ዝተፈጥረ ሰላምን ርግኣትን ምትሕግጋዝን ንምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጸላዊ ኮይኑ። ኣብ ኤርትራ ዝመደበሩ ኣብ ምክልኻል ኣንበጣ ጥራሕ ዝነጥፍ ዝነበረ ዞባዊ ኢጋት ብተበግሶ ኤርትራ ዕላማታቱ ናብ ልምዓትን ምትሕግጋዝን ተሰጋጊሩ። ስለዚ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ምዕባለ ከማዕዱ ክኢሉ።

ርግጽ ንብዙሓት ሃንደበትኳ እንተኾነ ሕቡእ ኣጀንድኦም ንምትግባር ኣብ 1996 ተጋሂዱ። ኣብ ልኡላውነት መሬት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ኤርትራውያን ኣብ ባድመ፣ ዓዲ ምሩግ፣ ቡሬ፣ ዘካይዶ ዝነበረ ምስፍሕፋሕን ሰላሕታዊ ወራርን ተጻብኦን ቀሊል ኣይነበረን።

መንግስቲ ኤርትራ ግን ነቲ ጉዳይ ከየተዓባበየ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ብምሕላይ ሃዲኡ ክሕዞ መሪጹ።

ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1997 ፕረስዴንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳያስ ኣፈወርቅ ናብ ጠቕላይ ሚኒተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ዝጸሓፎ ክልተ ደብዳበ ንዶብ ዝምልከት ሽግር እንተሎ ከየተዓባበኻ በሰላማውን ሕጋውን መንገዲ ምፍትሑ ካብ ክልቲኣን ሃገራት ናይ ሓባር ኮሚተ ወጺኣን ነቲ ሽግር ክፈትሕኦ ዝብል መጸዋዕታ ኣቕሪቡ።

ወያነ ነቲ ብፕረሲተንት ሃገረ ኤርትራ ዝተዋህበ መጸዋዕታ ዕሽሽ ብምምባል ኣብ ሳዕሳይ ጋሽ ምጥራር ቀጺሎም። እቲ ጉዳይ እንዳ ገደደ ምስ ከደ መንግስቲ ኤርትራ ኮሚተ መዚዙ ናብ ኣዲስ ኣበባ ልኢኹ። ወያነ ብተደጋጋሚ ዝህቦ ዝነበረ መልሲ እዚ ናይ ሃሱሳት መሊሻ ድኣ እምበር ናይ መንግስቲ ኣተሓሳስባ ኣይኮነን ክብል ምላሽ ሂቡሉ፣ ኣብ 1997 ኣብ ዕዲ ምሩግ ባዳ ቡሬ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ፖሊስ ምቕታልን ምብስባስን ምስ ተኸስተ ግን መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ብዕቱብ ሒዙ ንሚኒስተር ምክልኻል ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም ብዛዕባ ጉዳይ ዶብ ዘትዩ ኣብ መዕለቢኡ ክብጽሖ መዚዝዎ።

ኮይኑ ግን ኣብ መጀመርታ ወርሒ ግንቦት ኣብ ላዕላይ ጋሽ ሰራዊት ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ምብስባስን ቅትለትን ቀጺሎም። ኣብቲ ከባቢ ብጉጅለ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ሰራዊት ኤርትራ ነቲ ጉዳይ ምስ ሰምዑ ንምህዳእ ናብቲ ቦታ ተጓዒዞም፣ ሰራዊት ወያነ ድማ ነቶም ተጋደልቲ ኣገሪሆም ንኹሎም ቀቲሎሞም። ነበርቲ እቲ ከባቢ ሰንቢዶም እንዳ ጐየዩ ከይዶም ተጋደልቲ ብጾትኩም ብሰራዊት ወያነ ተቐንጺሎም ኢሎምም። ተጋደልቲ ናብቲ ቦታ ምስ ከዱ ብጾቶም ወዲቖም ጸኒሖሞም ነቲ ኩነታት ክጻወርዎ ኣይከኣሉን ግብረ መልሲ ሂቦም።

ወያነን ኣሳሰይቱን ኪኖ ዶብ ካልእ ዕላማታትን እስትራተጂን ስለ ዝነበሮም ነቲ ንዝተኸስተ ጉዳይ ብሰላሚውን ሕጋውን ኣገባብ ክፈትሕዎ ኣይመረጹን።

ብሃታ ሃታ ናጽነት ኤርትራ 7ተ ዓመት ከይገበረ ወያነ ደግሲ ናይ ኣቦታቱ ወሪስዎ በላዒ መንጸፉ ስለ ዝኾነ ብዶብ ኣሳቢቡ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣኪቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዕለት 13.05.1998 ዕላዊ ኲናት ኣውጁ።

ጸባሕ ኣዋጅ ኲናት ፓርላማ ኢትዮጵያ ዕለት 14.05.1998 ህጹጽ ኣኼባ ዘካየደ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝብን ብዕሊ ዝተኣወጀ ኲናት ብኣዋጅ ኲናት ኣይመለሰሉን ምክንያቱ ኲናት መቕሰፍትን ዕንወትን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ረብሓ ከም ዘይብሉ ኣጸቢቑ ተረዲኡ ብዓቃል መንፈስ ክንሕዞ መሪጹ። ጉዳይ ዶብ ብሰላማውን ሕጋውን መንገዲ እምበር ወታደራዊ ጎንጺ ሓይልን ክፍታሕ ዝኽኣል ኣይኮነን ኣብ ዓለምና ጉዳይ ዶብ ብወታደራዊ ጎንጽን ሓይልን ዝተፈትሐ ፍጹም የለን። በዚ መሰረት'ዩ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ሓይልን ጎንጽምን ተወጊዱ ዶባት ናይ ክልቲኣን ሃገራት ንግዚኡ ካብ ህላወ ወታደራዊ ነጻ ኮይኑ ሳልሳይ ኣካል ኣትዩ ጉዳይ ዶብ ብመግዛእታዊ ውዕላት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ምምልካት ዶብ ክግበር ዝብል እማመ ኣቕሪቡ።

ወያነ ዝሓንጸጸ እስትራተጂ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ እምበር ሳዕቤናት ናይ'ቲ ዝወለዶ ኲናት ፈጺሙ ኣይተሰቆሩን። ወያነ በቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘውጽኦ እማመ ተቐቢልዎ እንተ ዝኸውን ሎሚ ክልቲኣን ሃገራት ኣበይ ምበጽሓ። ናይ ኣቦታቱን ኣቦሓጎታቱን ደጊስዎ ሰለስተ ደማዊ ወራራት ኣካይዱ፣ ስለዚ ወያነ እንትርፎ ሞትን ዕንወትን ክሳራን ውርደትን እንተ ዘይኮይኑ ዕላምኡን ዝሓንጸጸ እስትራተጅን ሕልሚ ደርሆ ኮይኑ በኒኑ ተሪፉ።

*ወያነ ብፍላይ ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ዅናት እንታይ እዩም ረቢሖም ዅናትዶ ሰናይ ጉርብትና ይዓቢ እንተ ተባህለ መልሱ ሰናይ ጕርብትና እዩ። ወያነ ካብ ኣቦሓጎታቶም ተሞክሮ ክቐስሙ ኣይከኣሉን።*

*ዘርኢ እንዳ ጸብጸበ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ ግፍዒ ዝምታን ምብራርን ብወራር ኣብ ዝኣተዎ ቦታታት ህዝቢ ካብ ዓድታቱ ምፍንቓል ኣባይቲ ምንዳድ ንብረቱ ጥሪቱን ምዝማት ደቅንስትዮ ምግሳስ ምዕማጽ ክሳብ መቓብር ሰማእታት ምፍሓር ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘስካሕክሕ ተግባራት ፈጺሙ እዩ። ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣትሪፍዎ ዘሎ በሰላን ስንብራትን ዘንትዕለት ካብ ኣእምሮ ኤርትራዊ ዝሃስስ ኣይኮነን።*

*ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ነፍስወከፍ ልቢ ኤርትራዊ ህያው እዮም ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ሰማእታቱ ዘለዎ ክብርን ዝኽርን ልዕሊ ኩሉ እዩ። ወያነ ሂትለር ዘይፈጸሞ ኣብ ሻምብቆ ላዕላይ ጋሽ መቓብር ስውኣት ፍሒሮም ሳንዱቕ ሰይሮም ኣዕጽምቶም ኣብ መሬት ዘርዮሞ። ሕብሪ ዓይንኹም ኢሉም 80 ሽሕ ኤርትራውያን ንብረቶም ዘሪፎም ስድራቤታት በታቲኖም ሰጕጎሞም። ወያነ ነዚ ኩሉ እከይ ተግባራት ፈጺሞም ሕጂ ኣሕዋት ኢና ክብሉ መን እዩኸ ክኣምኖምን ክሰምዖምን።*

*ወያነ መንግስቲ ኤርትራ ግብረ መልሲ ክወስድ ትጽቢትኳ እንተ ነበሮ መንግስታት ሓለፍቲ ህዝብታት ግን ብሓባር ነበርቲ ምኻኖም ብምስትውዓል ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ ብ26.06.1998 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ኢትዮጵያውያን ነበርቲ ኣብ ኤርትራ ብውልቂ ይኹን ብመንግስቲ ኢትዮጵያውያን መሰሎም ከይገሃስ ውሳነ ኣሕሊፉ።*

*ስርዓት ወያነ ብድፍኢትን ደገፍን ዓበይቲ ሃገራትን ጥሙሕ ድሌታቱ ንምርዋይ ዝሓንጸጾ እስትራተጂ ብሓያል ብመኸተ ዝህብን ጀንትራ ኢሉ ዝነዓቆም ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ዓዲ በጊዖ፣ እግረመኸል፣ ግንባር ቡሬ፣ ባድመ፣ ሰራዊቱ ከም ቆጽሊ ረጊፉ ናይ ትማሊ ኣሰሩ ዘይሃሰሰ ህያው ምስክርዩ። እዚ ኮይኑ ከብቅዕ ወያነ ኣብ ኩሉ ዝኸፈቶ ወራር ስዕረቱ ምስ ተጐልበበ ነቲ ብካብኔ ሚንስተራት ዝቀረበ እማመ ደም እንዳ ጠዓሞ ክቕበሎ ተቐሲቡ። በዚ መሰረት ድማ ነቲ ውዕል ኣልጀርስ ይግባይ ዘይበሃሎ ብመግዛእቲ ውዑላት ዶባት ብኣህጉራዊ ቤት ፍርድ ክውሰን ስምምዕ ተኸቲሙ። ጉዳይ ዶብ ድማ ይግባይ ዘይበሃሎ ብኣህጉራዊ ሕጊ ብይን ተዋሂብዎ መዕለቢ ረኺቡ።*

*ድሕሪ እዚ ኩሉ ኣዕናዊ ዅናት እቲ ዝተዋህበ ብይን ቀልጢፉ ተተግቢሩ እንተ ዝኸውን ኩሉ ናብ ንቡር ክምለስ መተኻእለ። ኮይኑ ግን ትግባረ ብይን ሓኒቕካ ብምሓዝ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ የዳኽምዩ ዝተባህለ ሕብረ ብዙሕ ተጻብኦታት ሰዒቡ፣ ኤርትራ ብቑጠባ ተዳሂኻ ፈርከሽከሽ ንኽትብል ዘይኳሕኳሕዎ ማዕጾን ዘይፈሓርዎ ጉድጓድን ሽርሕን ተንኮልን ጸለመን ኣይነበረን። ኩሉ ግን ከምቲ ዝተለምዎን ዝሓለንዎን ኣይሰርሐን፣ ኩሉ ሓሶትን ሽርሕን ተንኮልን ኣብ ኣደባባይ ዕርቃኑ ወጺኡ። እዚ ኮይኑ ግን ኣብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ማህሰይቲ ኣየውረደን ማለት ኣይኮነን።*

*በቲ ሓደሽንኽ ቢሊዮናት ዶላራት ወጻኢ ሰሊያም ሃሱሳት ኤርትራውያን ጨጪሖም ንኤርትራ ንምሓዝ ሓንሳብ ኣብ ኣዋሳ፣ መቐለ፣ ሽረ፣ ጎንደር ብዓበይቲ ሓለፍቲ ጸጥታ ወያነ ክወሃቦም ዝጸንሐ ኣሎ ዝተባህለ ተንኮልን ሽርሕን ውዲትን፣ እዝውን ብመኸተ ህዝቢ ኤርትራ ነበረያ ነበረ ኮይኑ።*

*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*